


# ናብ ናይ ድሕሪ ትምህርቲ ናይ መንእሰያት ክለብ ብደሓን ምጹ

# ናይ ድሕሪ ትምህርቲ ናይ መንእሰያት ክለብ እንታይ እዩ?

ናይ ድሕሪ ትምህርቲ ናይ መንእሰያት ክለባት፡ ነቶም ካብ 4ይ ክፍሊ ንላዕሊ ዝመሃሩ ህጻናትን መንእሰያትን ዝሓቍፋ ወለንታውያን ክለባት እየን። ኣብ ንጥፈታት ናይዘን ክለባት ምስታፍ ኣባልነት ይሓትት እዩ።

እዘን ክለባት፡ ስሩዕ ትምህርቲ ድሕሪ ምዕጻዉ እየን ዝኽፈታ። ትምህርቲ ድሕሪ ምዝዛሙ ውላድኩም ክጸንሓለን ዝኽእል ቦታታት እየን። ናይ ድሕሪ ትምህርቲ ክለባት ነቶም ነኣሽቱ ዝኾኑ ካብ 4ይ ክሳብ 6ይ ክፍሊ ዝመሃሩ ህጻናት ዝእክባ እየን። ክለባት መንእሰያት ግን ንህጻናትን ኮተቴን (ካብ 7ይ ክፍሊ ንላዕሊ ዝመሃሩ እንተዓበዩ ውን 17 ዓመት ዝዕድሚኦም) ዝሓቍፋ እየን።

ውላድኩም ብመንገዲ ናይዘን ክለባት ምስ ካልኦት ህጻናትን ኮተቴን ብምሕዋስ ኣካል ናይ ኣውንታዊ ሕብረተ-ሰብ ይኸውንን ሓድሽ ምሕዝነታት ውን ይምስርትን። እቲ ክለብ መመላእታ ናይቲ ኣብ ቤት-ትምህርቲ ዝካየድ ዕለታዊ ህይወት እዩ። ኣብ መንጎ ኣብያተ-ትምህርታትን እተን ክለባትን ጥቡቕ ምትሕብባር ኣሎ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ምምሃር ዝብል ኣምር ውን ኣብ ንጥፈታት ናይተን ክለባት ዝተወሃሃደ እዩ።

ውላድኩም ኣብዘን ክለባት ክሳተፍ ምግባር ወለንታዊ እዩ። እዚ ማለት ከኣ፡ ኣባል ምዃንን ኣባልነትካ ምስራዝን ጸገም የብሉን። ኩሉ መደባት ማለት ገዛ ናይ ምኻድ ሰዓታት፡ ካብ ክለብ ወጻኢ ዝግበር መልእኽቲ፡ ዕለታት ጸወታን ካልእ ኣብ መንጎ ወለድን ደቆምን ብዝግበር ምርድዳእ ክስራዕ ኣለዎ። ስለዝኾነ ከኣ፡ እተን ክለባት ምስ ወለዲ ምትእምማን ዝሰፈኖ ጥቡቕ ዝምድና ክህልወን ኣገዳሲ እዩ።

ኣየናይ ክለብ ክትጽንበሩ ትመርጹ ናትኩምን ናይ ውላድኩምን ምርጫ እዩ። መብዛሕትኦም ወለዲ ነተን ኣብ ጥቓ መንበሪኦም ወይ ውን ኣብ ጥቓ ናይቲ ውላዶም ዝሳተፈሉ መቐበሊ ክፍሊ ዘለዋ ክለባት ይመርጹ።

ትሕዝቶ ንጥፈታት ናይተን ኣብ ምምሕዳር ከተማ ኣኣርሁስ ዝርከባ ክለባት መንእሰያትን ማእከል ንጥፈታት ድሕሪ ትምህርትን ኣዝዩ ዝተፈላለየ እዩ። ብዛዕባ እተን ዝተፈላለያ ክለባት ኣብዚ ዝስዕብ ገጽ ኣቲኹም ከተንብቡ ትኽእሉ። www.ungiaarhus.dk (እቲ ሓበሬታ ግን ብቋንቋ ዴንማርክ እዩ)





# ንጥፈታት ክለባት

ንብዙሓት ህጻናትን ኮተቴን እቲ ናይ ክለብ ህይወት ኣካል ናይ ዕለታዊ ህይወቶም እዩ። ኣብዚ ማእከልት፡ ኣወዳትን ኣዋልድን ምስ ካልኦት መዛኑኦም ብምርኻብ ብሓባር ኮይኖም ከም ስፖርቲ፡ ሙዚቃን፡ ሳዕስዒት፡ ምኽሻን መግብን ኣብ ዝኣመሰለን ካልእ ኣዛናዪ ንጥፈታትን ይሳተፉ። ይኹን እምበር እቲ ንጥፈታት ምዝናይ ጥራይ ኣይኮነን ዕላምኡ። ኩልቲ ኣብዚ ክለባት ዝዳሎ ንጥፈታት፡ ድሕነት ደቕኹም ንምጥንኻርን፡ ሓንጎሎም ክኽፈተሎምን ርእሰ-ተኣማንነት ከጥርዩን ዝዓለመ እዩ።

ልክዕ ከምቶም ኣብ ኣብያተ-ትምህርታት ዝርከቡ፡ ሰራሕተኛታት ናይዚ ክለባት ንዕብየትን ምምዕባልን ህጻናት ዝምልከት ስነ-ምምህርና ዝቐሰሙ እዮም። እቶምስ ሰራሕተኛታት ዝሰርዕዎ መደባትን ንጥፈታትን ንረብሓ ህጻናት መሰረት ዝገበረ ኮይኑ፡ ኣብ መስርሕ ውጥን ናይቲ መደባት እጃሞም ከበርክቱ ውን ነቶም ህጻናት የሳትፍዎም እዮም። ተራ ናይቶም ሰራሕተኛታት ጥልቕ ዝበለ ዘይምኳኑ ከኣ፡ ነቶም ቆልዑ ጥብቕ ዝበለን ውልቃውን ዝምድናታት ከጥርዩ ዕድል ይህቦም።

ኣብዘን ክለባት ንብዙሕነትን ፍልልያትን ዘስተኣናድግ ባይታ ኣሎ እዩ። ዝኾነ ሰብ ከኣ ብማዕረ ኣካል ናይቲ ሕብረተ-ሰብ ምኳኑ ክስምዖ ኣለዎ።

ሰራሕተኛታት ናይቲ ክለብ፡ ደቕኹም ከምጽእዎ ዝግብኦም ክዳውንቲ ወይ ውን ጫማታት ምስ ዝህሉ ይሕብርዎም እዮም።

# ንውላድኩም ኣመዝግብዎ

ውላድኩም ኣብዚ ዝስዕብ ናይ
ተመሃሮ ገጽ ብምእታው ኢኹም፡
ኣብ ናይ ድሕሪ ትምህርቲ ክለብ
መንእሰያት ክሳተፍ ተመዝግብዎ።
መርበብ-ሓበሬታ፡
www.aarhus.dk/pladsanvisning

ብቐረባ ዝተመደበልኩም ናይ
ምውህሃድ ሕብረተ-ሰብ ሰራሕተኛ
ምስ ዝህልወኩም፡ ውላድኩም ኣብዚ
ማእከል ንኽሳተፍ ክሕግዘኩም
ይኽእል እዩ። እቶም ናይ ሰለስተ
ዓመት መደብ መትከሊ-እግሪ
ዘውንኑ ትሕቲ 18 ዓመት
ዝዕድሚኦም ቆልዑ ዘለዎም ሓደስቲ
ስድራ-ቤታት፡ ናብ ክፉት ማእከል
ምኽሪ (Åben Rådgivning)
ብምኻድ ሓገዝ ክረኽቡ ይኽእሉ
እዮም።

ክፉት ማእከል ምኽሪ (Åben Rådgivning)
DOKK 1, ታሕተዋይ ደርቢ
Hack Kampmanns ቁጽሪ 2
8000 ኣኣርሁስ C
ክፍቲ ሰዓታት ስራሕ፡ ሓሙስ ካብ
ሰዓታት 1:00 ክሳብ 2:30 ከምኡ
ውን ካብ 3:00 ክሳብ 5:00 ድሕሪ
ቐትሪ።



UNG i Aarhus

**Udgivet af:** Børn og Unge, Aarhus Kommune 2018